# <u>ዕውት መበል 22 ጽምብል በዓል ኣብ ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ</u>

“መኸተ ድርዕና፡ ስራሕ ክብርና!” ብዝብል ቴማ፡ መበል 22 ዓመት ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ክብ ብዝበለ ድምቀት ኣብ ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ ተባዒሉ። እዚ ብዕለት 18 ግንቦት 2013 በሃገራውነትን ሕጉስ መንፈስን ተጸምቢሉ ዘምሰየ በዓል ካብ ቅድሚ ሕጂ ፍሉይ ዝገበሮ ምኽንያታት ሓደ ናይ መናእሰይ ብብዝሒ ምስታፍ እዩ ነይሩ። በዓልና ከምቲ ልሙድ ብዝኸረ ሰማእታት እዩ ፈሊሙ። ቀጺሉ፡ ሃገራዊ መዝሙርና ድሕሪ ምዝማር ብኣቦ መንበር ህግደፍ ጨንፈር ሳን ሆዘ መልእኽቲ ተነቢቡ። ድሕሪ’ዚ ድራር ምስተበልዐ፡ እቲ ናይ ኣዳራሽ መድረኽ ብወናማት ድምጻውን ሙዚቀኛን ብንያም ወልደማርያምን (ወዲ መምህር) ከምኡውን ክኢላ መንእሰይ ተኸሊት ኣብርሃም ብዲጀ ተስፋይ እስቲፋኖስ ናይ ሙዚቃ  ነጎድጓድ እንዳተኣጀበ ነቲ በዓልና ዘንጸባርቕ ድሙቕ ጓይላ ቀጺሉ።

ካልእ ንጽምብል በዓልና ዘድመቐ ብቤት ትምህርቲ ኣዳል ዝፍለጥ ናይ መንእሰይ ህግደፍ ንባህልን ቋንቋን ዘንጸባርቕ ምርኢት ቀሪቡ። ተሳተፍቲውን ነዚ መደብ ብኣድናቖት ተመስጦን ናእዳን ተኣዚቦሞ። ድሕሪ’ዚውን ናብ ጓይላና ተመሊስና ወንኻ ዝቕስቕስ ሳዕስዒት ብዘይምቁራጽ ቀጺሉ። ጸኒሑ ድማ ካብ ካልኣይን ኮለጅን ዝምረቑ መናእሰይ ነቲ ዓወቶም ዘንጸባርቕ ናይ ምስክር ወረቐት ብዓበይቲ ተወከልቲ ማሕበረ ኮምና ተዓዲሎም። ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ድማ ብባንዴራ ኤርትራ ዝወቀበ ሕብስቲ (ኬኽ) ብዓበይቲ ወለዲ ተቖሪሱ፡ ሻምፓኝ ተኸፊቱ፡ ንኩሉ ተዓዲሉ። ድሕሪ’ዚውን ናብ ጓይላና ተመሊስና ስጋብ ሰዓት 1፡30 ናይ ንግሆ ጸወታና ብድሙቕ ቀጺሉ። ዝተመደበልና ሰዓት ብምእኻሉ ግና እቲ ዓመት መጸ ናይ መግለጺ መንነትና ዓብይ ናይ ህያብ ስውኣትና በዓል ናይ ጸወታ ሕርፉ’ና ደው ከነብል ተገዲድና።

በዓልና ካብ ሰዓት 7፡00 ድ.ቀ. ክሳብ 1፡30 ናይ ንግሆ ሰላም ተስፋን ናይ ታሕጓስ መንፈስ ብዝኣሰሎ ሃዋሁ ብጽቡቕ ተዛዚሙ። ነዚ ክቡር በዓል ዕውት ንክኸውን ዝሰርሑ ሃገራውያን ዝለዓለ ክብሪ ይብጻሓዮም!














ሰማእታትና ብግብሪ ይዘከሩ!
ዓወት ን’ሓፋሽ!

ሽማግለ ኣወሃሃዲ ሃገራዊ በዓላት ሳን ሆዘን ከባቢኣን


## <u>San Jose celebrated 22nd Anniverasry of Eritrean Independence</u>

**Eritreans in San Jose and environs celebrated their 22nd Independence year on 5/18/13 with great nationalistic fervor and enjoyment, under the banner of “Eritrea: Shield of Resilience & Nobility of Work!”. As usual, the program started with a minute of silence to the Eritrean Martyrs who gave their young lives to give us this special day of Independence so we can express ourselves, nothing but as peace loving, justice seekin, hardworking and Independent people.**

After the evening program was introduced by the Chairman of the National Holidays Coordinating Committee, message from PFDJ was read by its chairman. Dinner was served and the rest program was run, step by step.

This year was a bit different in some ways. Celebrants' composition included more youth. The first product of cultural and development program of Adal school, a language and history learning program, run by San Jose's YPFDJ branch, with the support of San Jose's Eritrean Community Cultural & Development Center, was shared. Children's history telling and reading talent exposition was displayed to parents and residents of San Jose's surprise and admiration.

As usual, "Class 2013", High School and College graduates of San Jose and environs were recognized and awarded with certificates from older parents, representatives of our Community Center. At midnight, the Eritrean Flag decorated cake was cut and sparkling Champagne was opened by the older parents of San Jose, CA. Eritreans enjoyed dancing to the tunes played by talented vocalist and musician Biniam Weldemariam (Wedi Memhir) & young talented musician, Teklit Abraham, in coordination with San Jose's long time DJ Tesfai Estifanos, until 1:30 in the morning. Eritrean nationals who gave their time, funds and energy to guarantee this day happen were praised. It was a day of Nationalism and Identity to "Say Loud; we're Eritreans and Proud"!











Eternal Glory to our Martyrs! Awet n'Hafash!

*National Holidays Coordinating Committee: San Jose and environs*